UW Medicine
UNIVERSITY OF WASHINGTON
MEDICAL CENTER

# ላፓራስኮፒክ መጥባሕቲ ናይ ፍሒኛ ሓሞት

*ብኸመይ ከም እትዳሎ ከምኡዉን እንታይ ከም እትጽበ*

*እዚ መጽሓፍ ነቶም ፍሒኛ ሓሞት ንምልጋስ ናይ ላፓራስኮፒክ መጥባሕቲ ዝገበሩ ሕሙማት እዩ። እንታይ ከም እትጽበ፣ ንመጥባሕቲ ብኸመይ ከም እትዳለዉ፣ ከምኡዉን ንምሕዋይካ ብኸመይ ከም እትምድብ ይገልጽ።*

## መጥባሕቲ ላፓራስኮፒክ እንታይ እዩ?

ኣብ *መጥባሕቲ ላፓራስኮፒክ*፣ ናብ ሰዉነትካ 4 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ጨዳታት ይግበሩ። እዚ ሜላ ካብ *ክፉት መጥባሕቲ* ንኣሸቱ በሰላ ይገድፍ። ብተወሳኺ እዉን ቕልጡፍ ምሕዋይ ክህልወካ እዩ።

ኣብ ላፓራስኮፒክ መጥባሕቲ ናይ ፍሒኛ ሓሞት (ኮሌሳይስተክቶሚ)፣ እቲ መጥባሕቲ ዝገብረልካ ሓኪም ፍሒኛ ሓሞትካ ንምልጋስ ፍሉያት መሳሪሒታት ክጥቐም እዩ። እዞም መሳሪሒታት በቶም ኣብ ከስዐኻ ዝርከቡ ንኣሸቱ ጭንድሓት ክኣትዉ እዮም።

ኣብ እዋን መጥባሕቲ፣ ከስዐኻ ብጋዝ *ካርበን ዳኦክሳይድ* ($CO_2$) ክመልእ እዩ። እዚ ሓኪምካ ነቲ ከባቢ ብዝሓሸ ንኽርእዮ መታን ንቓርበትካ ካብ ካልኦት ኣካላት ሓፍ የብሎ።



*መጥባሕትኻ ኣብቲ Surgery Pavilion ኣብ University of Washington Medical Center ክካየድ እዩ።*

## ብኸመይ ከም እትዳሎ

- **መድሃኒታት፡-** ን1 ሰሙን ቕድሚ መጥባሕትኻ ኣስፕሪን ወይ ደም ምርጋእ ዝጸልዉ ካልኦት ፍርያት **ኣይትዉሰድ**። ክልተ ካብዚኦም ኣይብፕሮፌን (ኣድቪል፣ ሞትሪን) ከምኡዉን ናፕሮክሲን (ኣሌቭ፣ ናፕሮሲን) እዮም። ንዝያዳ ሓበሬታ ተታሓሒዙ ዘሎ ወረቐት ተመልከት።
- **ምልጻይ፡-** እቲ ከም ልሙድ ዘይትላጽዮ ዝኾነ ክፋላት ናይ ኣካላትካ **ኣይትላጺ**። ብልሙድ ኣብ ጥቓ ናይ መጥባሕትኻ ዝርከብ ቦታ ትላጺ ምስ ትኸዉን፣ ነቲ ከባቢ ቕድሚ መጥባሕትኻ ን2 መዓልታት (48 ሰዓታት) ኣይትላጽዮ።
- **ገዛኻ ምኻድ፡-** ሓላፍነታዊ እኹል ሰብ ካብ ሆስፒታል ናብ ገዛ ብመኪና ንኽወስደካ ከምዉን ኣብ ቐዳመይቲ ለይቲ ምሳኻ ንኽጸንሕ መድብ። ካብ ሆስፒታል ንገዛኻ ባዕልኻ ክትዝዉር ወይ ታክሲ ወይ ኣዉቶቡስ ንበይንኻ ክትወስድ ኣይትኽእልን ኢኻ።


Surgical Specialties Center | Box 356165
1959 N.E. Pacific St., Seattle, WA 98195 | 206.598.4477

## መዓልቲ ቕድሚ መጥባሕቲ

- **እትመጸሉ ሰዓት:-** ናይ ክፍሊ መጥባሕቲ (OR) መደብ ዝሰርዕ ቕድሚ ናይ መጥባሕትኻ ምሸት 5 ድ. ቐ. ክድዉለልካ እዩ ከምኡዉን ናብቲ ሆስፒታል መዓስ ከም ትመጽእ ክነግረካ እዩ። መጥባሕትኻ ሶኒ ምስ ዝኸዉን፣ እቲ መደብ ዝሰርዕ እታ ቕድሚኡ ዘላ ዓርቢ ክድዉለልካ እዩ።

  እዚ ደወል ብ5 ድ.ቐ. ምስ ዘይድወለልካ፣ ናብ 206.598.6541. ደዉል።

- **ሻወር:-** ሻወር ቕድሚ መጥባሕትኻ ዘሎ ምሸት ዉሰድ። እቲ ነርስኻ ዝሃበትካ ፍሉይ ናይ ጸረ-ነፍሳት ሳምና ተጠቐም።

  – ነቲ ፍሉይ ሳምና ኣብ ገጽካ፣ ጸጉርኻ፣ ወይ ናይ ብሕቲ ክፋላትካ **ኣይትጠቐመሉ**። ኣብዘም ከባቢታት ናይ ገዛእ ርእስኻ ሳምናን ሻንፖን ተጠቐም (ምስቲ ሳምና ዝመጹ መምርሒታት ተመልከት)።

  – ንምንቓጽ ጽሩይ ሽጎማኖታት ተጠቐም፣ ከምኡዉን ጽሩይ ክዳን ተኸደን።

## ናይ መጥባሕቲ መዓልቲ

- **ሻወር ኣብ ገዛ:-** ኣብ ናይ መጥባሕትኻ መዓልቲ ንግሆ ሻወር ዉሰድ። ንሻወርካ ኣብታ ቕድሚኡ ዝነበረት ምሸት ዝተጠቐምካሉ ተመሳሰሊ ስጉምትታት ስዓብ።
- **መሞቒ ኮቦርታ:-** ኣብቲ ሆስፒታል፣ ናብ ክፍሊ መጥባሕቲ (OR) ንኽትከይድ ኣብ እትጽበየሉ ግዜ ብናይ መሞቒ ኮቦርታ ክንሸፍነካ ኢና። እዚ ሰውነትካ የምዉቕ ከምኡዉን ረኽሲ ኣብ ምክልኻል ይሕግዝ።

## ድሕሪ መጥባሕቲ

ድሕሪ መጥባሕትኻ ዘሎ ምሸት ወይ ዝቕጽል ንግሆ ናብ ገዛኻ ክትከይድ ኢኻ። ካብ ሆስፒታል ናብ ገዛኻ ዝወስደካ ሓላፍነታዊ እኹል ሰብ መድብ። ኣብታ ናይ መጥባሕትኻ መዓልቲ ናብ ገዛ ምስ እትኸይድ፣ ኣብታ ቐዳመይቲ ምሸት እኹል ሰብ ምሳኻ ክሓድር መድብ።

### ንዉሕስነትካ

ኣብ እዋን ከምኡዉን ድሕሪ መጥባሕትኻ እትወስዶ መድሃኒታት ብንጹር ክትሓስበሉ እትኽእል ዓቕሚ ይጸልዉዎ እዮም። ን24 ሰዓታት ድሕሪ መጥባሕትኻ:- ነዞም ዝስዕቡ ኣይትግበር:-

- ኣይትዘዉር
- ባዕልኻ ኣይትጉዓዝ
- መሳሪሒታት ኣይትጠቐም
- ኣልኮሆል ኣይትስተ

  ሕጋዊ ወረቓቕቲ ኣይትፈርም ወይ ኣገደስቲ ዉሳኔታት ኣይትወስን
- ንቖልዑ፣ ናይ ገዛ እንስሳታት፣ ወይ ንሓደ እኹል ሰብ ክንክን ዘድልዮም ሓላፍነት ኣይትዉሰድ

### ክንክን ዝተጨንድሐ

- ጭንዳሕኻ ብናይ ፕላስቲክ ባንዴጅ ክሸፈን እዩ። 48 ሰዓታት ድሕሪ መጥባሕቲ ነቲ ፕላስቲክ ባንዴጅ ከተዉጽኦ ከምኡዉን ሻወር ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።
- ነቲ ፕላስቲክ ባንዴጅ ድሕሪ ምዉጻእ፣ መዓልታዊ ሻወር ዉሰድ። ነቲ ናይ ጭንዳሕ ከባቢ **ኣይትፋሕፍሓዮ**።
- ኣብ ትሕቲ እቲ ባንዴጅ፣ ጭንዳሕካ ብጻዕዳ ፕላስተር Steri-Strips ዝበሃሉ ክሸፈኑ እዮም። ድሕሪ ሓያሎ መዓልታት እዞም ፕላስተራት ባዕሎም ክወድቑ እዮም።
- ንጭንዳሕካ ኣብ ትሕቲ "መዓስ ከም እትድዉል" ተዘርዚሩ ዘሎ መዓልታዊ ንምልክታት ናይ ረኽሲ ፈትሾም።

### መድሃኒታት

- ክሳብ 2 መዓልቲ ድሕሪ መጥባሕትኻ ኣፕሪን ወይ ካልእ ፍርያት ደም ምርጋእ ክጸልዉ ዝኽእሉ **ኣይትዉሰድ**።
- ከም ዝተኣዘዘ መሰረት መድሃኒታትካ ዉሰዶ።
- ከም ዝተኣዘዘልካ መሰረት ናይ ወትሩ መድሃኒታትካ ምዉሳድ ጀምር።

### ናብ ስራሕ ተመለስ

ናብ ስራሕ ክትምለስ ጽቡቕ ስሚዒት ምስ ተሰምዓካ ተመለስ። ዝበዝሑ ሰባት ኣብ ዉሽጢ 1 ሰሙን ናብ ስራሕ ክምለሱ ይኽእሉ።

## መዓስ ከም እትድዉል

ነዚ ዝስዕብ ምስ ዝህልወካ ናብ Nurse Advice Line (ነርስ መስመር ምኽሪ) ብ206.598.4477 ወይ ዶክተርካ ደዉል፡-

- መሸፈኒ ቁስልኻ ዘጠልቑ መድመይቲ ወይ ፈሳሲ
- ረስኒ ካብ 100.5°F (38°C) ንላዕሊ
- ምንቅጥቃጥ ከምኡዉን ቁሪቁሪ
- ኣብ ጭንዳሕካ ዝኾነ ምልክታት ናይ ረኽሲ፡-
  - ምቅያሕ ወይ ሕበጥ
  - እንዳገደደ ዝኸይድ ቓንዛ
  - ሕማቕ ዝጨኑ ፈሳሲ፣ ወይ ለዉጢ ኣብ ዓይነት ወይ መጠን ናይ ፈሳሲ
- ዕግርግር
- ተምላስ
- ብጫ ቆርበት (ጃዉንዲስ)
- ዝኾነ ሻቕሎታት ክሳብ ናይ ምክትታል ምብጻሕካ ክጸበይ ዘይክእል

### ሕቶታት?

ሕቶትካ ኣገደስቲ እዮም። ሕቶታት ወይ ሻቕሎታት ምስ ዝህልወካ ናብ ሓኪምካ ወይ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕናኻ ደዉል።

ቅዳመ-ሰናብቲ ካብ 8 a.m. ክሳብ 4 p.m፣ ነቶም ነርሳት ክሊኒካት ናይ መጥባሕቲ መስመር ናይ ምኽሪ ኣብ 206.598.4477 ደዉል።

ድሕሪ ሰዓታት ከምኡዉን ኣብ ቅዳመ-ሰናብትን በዓላትን፣ ብ206.598.6190 ደዉል ከምኡዉን

ወይ፣ መጥባሕቲ ንዝገብረልካ ሓኪምካ ክጽዋዕ ሕተት፡-

ዶክተር ____________________

© University of Washington Medical Center
Tigrinya published PFES: 2023
Tigrinya translation by HMC Translation
Clinician review: 06/2018
Reprints on Health Online: https://healthonline.washington.edu

